# ሓድነት ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን

ፋሕ ብትን ዝበለ ሕዝቢ ኣደዳ ህውከት፣ ሕማም፣ ስደት፣ ዓጸቦ ከምኡ'ውን ኣሎ ዝብሃል ሕሰምን መከራን ይኸውን። ኣቦታት ክፉእ ክርእዩ ከለዉ ካብዚ ይሰውረና ይብሉ። ንሕና ኤርትራዊያን ከኣ ካብዚ ኣብ ዓለምና ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ንዕዘቦ ዘሎና ሕንፍሽፍሽ ሰውረና ክንብል የምሕረልና ኢዩ።

መብዛሕትኡ ጠንቂ ውግእን ወረ ውግእን ኣብዚ እዋን'ዚ፣ ብገባትን ዓብላልን ስሱዕ ሸውሃት ኣሜርካ ክኸውን ከሎ ጥሩፍ ሃይማኖታዊ መንቀሊኡ'ውን ተኸታሊ ናቱ ኢዩ። እቲ ናይ ኣሜርካስ ምናልባት ብዘይሕንፍሽፍሽ ኣብዚኣ ዓለም ረብሓታቶም ኣየፈጽሙን ይኾኑ እልካ ክትግምት ትኽእል። ጥሩፍ ሃይማኖታዊ ዝመንቀሉኡ ግን ሕንቅልሕንቅልተይ ኢዩ ዝኾነካ። ሃይማኖት ቀንዲ ዓላምኡ ንደቂ ሰባት ጽቡቕ ተግባር ንኽዘውትሩ ዝመርሕ ቅዱስ ባእታ ኢዩ። ብሃይማኖት ሽም ዝግበር ጸይቅታት ናይ ሃይማኖት ዘይኮነስ ናይ እኩባት ውልቀሰባት ረብሓታት ንምሕላው ዝግበር መናውራ ኢዩ።

ኤርትራ ሃገርና ከምዘይ ካልኦት ሃገራት ብሃይማኖታዊ ተግባራት ሰላምን ቅሳነትን ክትረክብ ከላ እዚ እቲ ሓቀኛ ሃይማኖታዊ መርሂ ኣብ ኤርትራ ከምዘሎ ዘዀኽር ኢዩ። ጽቡቕ ዕድል ኮይኑ ካብ ሃይማኖታዊ ተግባራት ንሕዝቡ ዘስምርን ምስ ሕዝቡ ዝሰምርን መንግስቲ ብሓደ ወገን፣ በቲ ክልእ ወገን ከኣ ናይ ሕዝቦም ሰላምን ቅሳነትን ዘቕስኖም መራሕቲ ሃይማኖት ምህላውም ኣብዚ ግዜ'ዚ ኤርትራ ናይ ስንትን ሰላምን ኣብነት ኮይና ትጥቀስ ኣላ። ኣዚ ካብ ሰማይ ዝወረደ መና ኢዩ እንተበልናዮ ናይትኦም መራሕቲ ሕዝባዊ ምምሕዳርን ከምኡ'ውን መራሕቲ ሃይማኖታት ጻዕሪ ቦታ ንምኽላእ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ናይቲ ምድራዊን ሰማያዊን ኣጣምርና ንኽነሞግስ ብማለት ኢዩ። ብዓብኡ ግን ሕዝቢ ኤርትራ ብባህርይኡ ደላይ ሰላምን ቅሳነትን ስለዝኾነ ብዝፈጠሮ ተጻዋርነትን ተኻኣኣልካ ናይ ምንባር ክእለትን'ውን ኢዩ።

ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ከም ኣብነት ይጥቀስ ኣሎ ኽንብል ከሎና፣ እቲ ነዚ ንምምዕባለን ንምድልዳሉን ዝተኸፍለ መስዋእቲ ምዝካር ግቡእ ኢዩ። መንእሰይ ኤርትራ ኣብ በረኻታት ኤርትራ ዘሕለፎ ምረት ናብራን፣ ምስንካል ኣካላትን ብዓብኡ ከኣ ምኽፋል ህይወት ዓስቡ እዚ ሕዝቢ ኤርትራ ዘስተማቕሮ ዘሎ ሰላምን ቅሳነትን እንተዘይከውን ኔሩ እቲ መስዋእቲ ከንቱ ምኾነ ኔሩ። ካብ ሕዝቢ ኤርትራ ካብ ክልቲኡ ሃይማኖታት ካብ ኩሉ ብሄረታቱ ሓዉ፣ ሓፍቱ፣ ኣብኡ፣ ኣድኡ፣ ሓወብኡ፣ ሓትንኡ፣ ኣኩኡ ኮታ ኣሎ ዝብሃል መቕርቡ ዘይተሰወአ የልቦን። ንስውኣትና ህያው ክኾኑ ናትና ህያውነት ምስክሩ ኢዩ። ሰላምን ቅሳነትን ሕዝቢ ኤርትራ'ዩ ህያዊነትና ኣብሉም ህያውነት ስውኣትና። ስውኣትና ንሕዝቢ ኤርትራ ነጻነት ከምጽኡ ተመባጺዖም። መብጽዕዖም ኣይጠለሙን ነጻነት ኣምጽኦም። ንሕና ካኣ ንሱውኣትና ብሰላምን ሓድነትን ቅሳነትን፣ ኤርትራ ሕፍርትን ኽብርትን ሃገር ክትከውን ኣኣብ ዓመቲ 20 ሰነ ንማባጽዓሎም ኣሎና። ክሳብ ሕጂ ከኣ ሕዝቢ ኤርትራ መብጽዕዑ ኣይጠለመን ዘሎ።

ሓድነት ህዝቢ ብኸመይ ይዝረግ? ሳዕቤኑኸ እንታይ ኢዩ? ዝብሉ ፎኮስቲ ሕቶታት ኣልዕልና ክንዝትይ ዝእግመና ኣይኮነን። ብቐዳምነት ሓድነት ሕዝቢ ብምዝራግ ካብቲ ሕንፍሽፍሽ ዝረብሖ ኣካላት ክህሉው ከምዘለዎም ርዱእ ኢዩ። ሓድነት ህዝቢ ተዘርጉ፣ ህዝቢ ኣብ ዝሰቓየሉ ኣዋን ገልኡ ካኣ ዝረብሕን ኣብ ህይወቱ ዘጋይጽን ከም ዘሎ ኽፍለጥ ይግባእ። ንኣብነት ሶማል እንተወስዲና ኣብዚ ግዜ'ዚ ሕዝቢ ሶማል ኣብ ዝሰቓየሉ ዘሎ እዋን ካብዚ ሕንፍሽፍሽ ሕዝቢ ሶማል ዝረብሑ ኣካላት ኣለዉ። ኣብ ማእኸላይ ምብራቕን ኣብ ምዕራብ ሃገራት ዝርከቡ ሶማላዊያን ጽቡቕ ንግድን ብዙሕ እቶት ዘእትዉን ኣለዉ። ቀንዲ ምንጪ እተቶም ዘይምርግጋእን ሕንፍሽፍሽን ሕዝቢ ሶማል ዝኾኑ ሶማላዊያን ዘሳውርዎ ህውከት ገልኦም ብኀይቶት ውግእ ዝፍለጡ ክኾኑ ከለዉ ገልኦም ከኣ ብመርሕነት ጥሩፍ ሃይማኖት ዝፍለጡ ኢዮም። ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሳሰላ ሃገራት ከኣ ቀንዲ መሳውርትን ተዋሳእትን ናይ ብሕንፍሽፍሽን ዕግርግርን ተጠቀምቲ ሃገራት እየን።

ኢትዮጵያ ሓንቲ ካብ ሃገራት ኣፍርቃ ኣፍደገ ባሕሪ ዘየብላ ሃገር ኢያ። ቀንዲ ምንጭ እቶት ኢትዮጵያ ካብ ንስደድ እትሰዶ ቡን ኢዩ። ቡን ብብዝሒ ንወጻኢ እትሰድድ ኢትዮጵያ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝተመስረሐ ቡን ትሰድድ እንተላ ዝፈልጦ ነገር የብለይን። ዘይተመስረሐ ቡን ብጥርኡ ከምትሰድድ ግን ቅሩብ ሓበሬታ ኣሎኒ። እዚ ዘይተመስረሐ ቡን ብዙሕ ቦታ ስለዝሕዝ እቲ ቐንዲ መጎዓዓዚ ባሕሪ ክኸውን ርዱእ ኢዩ። ዘይተመስርሐ ቡን ብጥርኡ ንሰደድ ኣድልኻ ክትሰድድ ከሎኻ ዝርከብ እቶት ከምቲ ዝተመስርሐ ቡን ኣይከውንን ኢዩ። ኢትዮጵያ ነዚ ክተካሓሕስ ኣብ ወደባት እንተተረኽቡ ብነጻ ተመሓላልፈሉ እንተዘይተኻእሉ ከኣ ብሕሱር ዋጋ ክትረክብ ኣሎዋ። ኣብ ሓንቲ ወናንት ወድብ ዝኾነት ሃገር እሞ ኸኣ ሰላምን ቅሳነትን ሃልዩዋ ስሩዕ መንግስታዊ ምሕደራ ዘለዋ ሃገር ድልየት ኢትዮጵያ ኽተፈጸም ኣይትግደደን ኢያ። ኢትዮጵያ እንተድኣ ድለየታታ ኽተፈጽም ኮይና ኣብ ዝኾነት ሃገር ወናንት ወደብ ዝኾነት ሰላማ ክዝረግን ሕንፍሽፍሽን ክተተኣታቱው ኣሎዋ። ነዚ ንምፍጻም ከኣ ኩላ ሳዕ ምስ ደቂ ሃገር ብምምሽጣር ህውከት ከምዝዝረግ ኽትገብር ከላ ኣብ ዘይሰመረላ አዋን'ውን ባዕላ ህውከት ትመልስ ኢያ። ኢትዮጵያ ክሳብ ቡና ኣመስርሓ ርቡሕ እቶት ትረኽብሉ ሰላምን ቅሳነትን ጎረባብቲ ሃገራት እንዳዘረገት ከም ጎይቶት ውግእ ተጠቃምት ኽትከውን ስርሓ ኣይክተቛርጽን ኢያ።

ኤርትራ ሓንቲ ግዳይ ናይዚ መናውራታት ኢትዮጵያ ኢያ። ኤርትራ ወናንት ክልተ ወደባት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ከም ምኳና መጠን ዓይኒ ኢትዮጵያ ክወድቃ ባህርያዊ ኢዩ። ሰላምን ቅሳነትን ኤርትራ ንኢትዮጵያ ከርብሕ ምተገብኤ። ኮይኑ ግን ኢትዮጵያ ገና ተፈጥሮኣዊ ተውህቦታት ብዝግባእ መንገድ ትጥቀመሉ ስለዘየላ ምስሩሕ ፍርያት ንምብርካት ኣይበቕዔትን ዘላ። እቲ ቀንዲ ጸገም ኣብ ቀንዲ ኣፍርቃ ከኣ አዚ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ምምስራሕ ዓቕማ ዘይምምዕባሉ ኢዩ። ኮነ ተረፈ ተፈጥሮ ዝዓደላ ፍረታት ብምሽምጣጣን ብምእካብን ጥራሕ ትናበር ሃገር ብምኳና ንዝበዝሖ ሕዝባ ናይ ስራሕ ዕድላት ክተፈጥር ኣይከኣለትን። ቡዙሕ ምስሩሕ ፍርያት ኣብ ኢትዮጵያ ዘይምህላዉ እቲ ቐንዲ ጸገም ናይ ኢትዮጵያ ድኽነት ኢዩ። እዚ ከኣ ኢዩ እቲ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ክትረኽቡ ትደልዮ ኣገልጉሎታት ኣብ ክንዲ ብገንዘባ ትዕድጎ ብሸፈጥን ዓመጽን ተካይዶ።

ሰላምን ቅሳነትን ኤርትራ ሳላ ሓድነት ሕዝባ ኢዩ። ኮይኑ ግን ረብሕታቶም በዚ ሰላምን ቅሳነትን ሕዝቢ ኤርትራ ዘይማልኣሎም ወገናት ሰላማ ንምዝራግን ህውከት ንምምላስን ኣብሎም ረብሓታቶም ንምክያድ ካብ ዝኣልምዎ ሽርሕታት ሓደ ብሓደ ክንዝትየሎምን ክንፈልጦምን ይግባእ። እቲ ቐንዲ ኣሰካፊ ሽርሒ ኣብ መንጎ መንግስትን ሕዝብን ዝፍጠር ዘይምስናይ ኢዩ። ነዚ ንምትግባር መታን ሕዝቢ በቲ መንግስቲ ክማረር፣ ናዕቢ ኣልዒሉ ህውከት ከሳውር ብማለት ካብ ዝፈጥርዎ ሽርሒ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ብሽም ሕቡራት ሃገራት ምውሳን ኢዩ። ቀንዲ ዓላማ ናይዚ ማዕቀብ ሕዝቢ ብመንግስቲ ኤርትራ ከምዝማረር ምግባር ኢዩ። ካልእ ሽርሕታት ኣብ ወጻኢ ዝነብር ኤርትራዊ ንመንግስቲ ከማረር ብማለት ንቤተሰቡ ዝሕግዘሉ መንገድታት ምዕጻው። ኣስተብሂልኩም እንተኮንኩም ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝዛረቡላ ዘለዉ ብዛዕባ እዚኣ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኤርትራዊ ንሃገሩ ዝሰዶ ገንዘብ ከመይ ጌርካ ትዓጽዋ ኢዩ። ምስቲ ማዕቀብ ዝብልዎ መስርሕ እዚኣ ጉዳይ'ውን እትዉቲ ኢያ። እቲ ኮይኑ እቲ ነዚ ኹሉ መናዊራታት መፍትሒኣ ሓድነት ኢያ። ዋለ ካልእ እንተ መረረ ሰላምን ቅሳነትን ግን ልዕል ኹሉ ጥዑማት ስለዝኾና ከም ዓይኒ ብሌና ክንሕልዋ ዘሎና ሓድነትና ኢያ።

እቲ ሽርሕታት ብዙሕ ኢዩ። እቲ ዝደልይዎ ዘለዉ ነቓዕ ከኣ ሕዝቢ ከመይ ይማረር ዝብል ኢዩ። ነዚ ሃሰው እሎም ዝስእንዎ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ድኻማት ስልዘይጠፍእ ኢዩ። እንተኾነ እዚ ድኻማት ዝሳወርን ዝጎሃሃርን በዚ ሽርሒታት ምኳኑ እንተፈልጥና ተወጻኣናን ትጠቕመናን ሓድነትና ምኳና ጥራሕ ኢና ኽንፈልጥ ዘሎና። ከምዚ ሓደ ዝበሎ፣ ኣለቅሓኒ እልካኒ ምስኣለቃሕኩኻ እንድሕሪ ዘለቃሕኩኻ ዘይመልስካለይ ኣነ ይጉሂ። እንዲሕሪ ዘየለቃሕኩኻ ግን እስኻ ትጉሂ። ካብ ኣነ ኣለቅሔካ ዝጉሂ እስኻ ስለዘየለቃሕኩኻ እንተጎሃኻ ይምረጽ እልዎ ይብሃል።

እምብኣር ንሕና ኤርትራውያን ከኣ ሓድነትና ብምዝራግ ንባዕዳዊያን ኣሔጉስና ንሕና ካብ ንጉሂ ሓድነትና ብምዕቃብ ንሳቶም እንተጎሃዩ ይምረጽ።

**ጽቡቕ ቀውዒ ንኤርትራ እምነ።**

**ተስፋሚካኤል ዮሃንስ**

**ኦስሎ ኖርወይ።**